# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.302 | ዓርቢ 18 ነሓሰ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ፌስቲቫል - ፍርያት ዘኻዕብት ዝተቓመመ 'ባህርያዊ ድኹዒ'


ገጽ 3
ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን


ገጽ 4
ጥቕሚ ምጥባው ንኣደን ዕሸልን


ገጽ 5
ዓይነታት መግናሕቲ


ገጽ 7
ኵዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ቀጺሉ


# ፌስቲቫል - ነጋድያን ንውጽኢት ምህዞን ሰንዓን መንእሰያት የድንቑ





ኣብ ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ-2023 ቀሪቡ ዘሎ ጥበብ ዝሓለፎ ምህዞን ሰንዓን፡ ከምኡ'ውን ውጽኢት ጽሑፍ፡ መንእሰያትና ኣጥርዮምዎ ዝለዉ ዓቕምን ብቕዓትን ዘንጸባርቕ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ኣብ ኣዳራሽ ምህዞን ሰንዓን ቀሪቦን ዘለዋ፡ ብመንእሰያት ዝተሰርሓ - ኣብ ግዜ ለይቲ ኣንበጣ ኣብ ምቕታል እትሕግዝ መሳርሒት፣ ነጸጊት መደሃኒት ጸረ-ባልዕ ነፍሳት፣ ብውሑድ ጸዓት ልዑል ውጽኢት እትህብ ዝተመሓየሸት ፍረጅ፣ ኣካለስንኩላንን ጸገማትን ብቐሊል ክጥቀሙላ ዝኽእሉ ሞጎጎን ካልእን. . . እቲ ንነጋድያን ዝያዳ ዝመሰጠ ኩይኑ ኣሎ።

ነጋድያን ድሕሪ ትዕዝብቶም ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ምህዞን ሰንዓን ክምዕብል ዝኽእል ብምትብባዕ ስለዘኽሉ፡ እቶም መንእሰያት ምትብባዕን ሓገዝን ሕብረተ-ሰብን ኣካላት መንግስትን ከይፍለዮም ተላብዮም።

ኣብ ኣዳራሽ ምርኢት መጻሕፍቲ ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ ዘድነቑ ነጋድያን ብወገኖም፡ ዋጋታት መጻሕፍቲ፡ ካብ'ቲ ናይ ዕዳጋ ፍልልይ ስለዘይብሉ - ንመጻኢ ክሕሰብሉ ኣዘኻኺሮም።

ኣቕረብቲ መጻሕፍቲ ንቲ ብዝገልገልቲ ዝቐረበ ንክብሪ ዋጋ ዝምልከት ርእይቶ ከም ዝቕበልዎ ብምሕባር፡ ከም'ቲ ናይ ቀደሚ ሕጂ ብድጊማ ዝሽየጠሉ ዕድል ክፍጠር ተላብዮም።

# ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ዕዉት መብጣሕቲ ዓይኒ ተኻይዱ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ መፋርቕ ናይ'ዚ ዓመት ኣብ ሓሙሽተ ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ ወፍሪ መብጣሕቲ ዓይኒ - እቲ 99 ሚእታዊት ዕዉት ምንባሩ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ምቁጽጻር ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣቶ የማን ጺጋይ ገሊጹ።

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ጾሮና፡ ማይ-ዓይኒ፡ ሰንዓፈ፡ ሰገነይቲን ዓዲ-ቐይሕን ብዝተኻየደ ወፍሪ ን571 ዜጋታት ናይ ሓበላ ዓይኒ፡ ዓጽሚ ዓይኒን ትራኮማን ናጻ ኣገልግሎት መብጣሕቲ ከም ዝተዋህበ ኣብሪሁ።

ኣብ'ተን ንኡሳን ዞባታት፡ ናይ ምርኣይ ጸገማት ዘለዎም ንምልላይ ኣቐዲሙ ዳህሳስ ከም ዝተኻየደ፣ ኣብ'ቲ ወፍሪ - ካብ ምርኣይ ክሳብ መብጣሕቲ ዝተሳተፉ ሞያውያን ድማ ብምልኣም ኣብ ሃገር ዝፈረዩ ዜጋታት ምዃኖም፡ ኣቶ የማነ ብዝወሰኸ ሓቢሩ።

እቲ መብጣሕቲ፡ ኣቐዲሙ ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ ጥራይ ብምንባሩ፡ ተሓከምቲ ጸዕቂ ዝፈጥሮ ጸገማት ኪጋጥሞም ምጽንሖም ጠቒሱ፡ እቲ ኣብ 5 ንኡሳን ዞባታት ዝተገብረ ወፍሪ ነቲ ጸገም ከም ዝቃለሎ ገሊጹ።

ሕማማት ዓይኒ ብፍላይ ከኣ ሓበላ ዓይኒ፡ ትራኮማን ነድሪ ዓይኒን ብቐሊሉ ክሕከሙ ዝኽእሉ ክነሶም፡ ብኣጋ ሕክምናዊ ረድኤት ናብ እትረኽበሉ ትካል ብሰንኪ ዘይምኻድ ዑረት ክኸስት ምርኣይ ዘሕዝን ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ የማነ፡ ናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎ ዜጋ ናብ በዓል ሞያ ቀሪቡ ረድኤት ክረክብ ምዒዱ።

# ተሰነይ - ንዳህሳሰን መጽናዕትን ባልዓት ዝሕግዝ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ካብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝተዋጽኡ ሞያውያን ዝተሳተፍዎ፡ ንዳህሳስን መጽናዕትን ባህርያዊ ተጻባኢ ጎያቦን ኣንበጣ ገረብን ዝሕግዝ - ብ9 ነሓሰ ኣብ ተሰነይ ዓውደዘተ ኣቃኒዑ።

ሓላፊ ኣሃዱ ጥዕና ብቑሊ ኣቶ ንኣምን የዕብዮ፡ እቲ ዓውደዘተ ኣብ'ተን ብዙሕ ባልዓት ጎያቦን ኣንበጣ ገረብን ዝተራእየለን ንኡሳን ዞባታት ተሰነይ፡ ፎርቶሳዋን ሃይኮታን ዘተኩረ ምንባሩ ጠቒሱ፡ ኣብ ክቡና ዝርከቡ ጸግዕተኛ ባልዓት፡ ኣብ'ቲ ዝርከብሉ ከባቢታት ኬድካ ጠባያቶምን ዓይነቶምን ምጽናዕ ከም ኡ'ውን ቅምጦ ብምውሳድ ናብ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ምስዳድን ምርምር ምኽያድን ምዃኑ ገሊጹ።

ጽሬት ግራውትን መሳርሒታት ሕርሻን ምሕላው፣ ዘርኢ ምቅያር፡ ተጻዋሪ ባህሪ ዘለዎም ኣዝርእቲ ምምራጽ፣ ምስ ሰብ ሞያ-ሕርሻ እናተረዳዳእካ ዘላቒ ሜላ ምክልኻል ባልዓት ምምዕባል. . . ዝበሉ ኣርእስታት ከም እተዘርበሎም እውን ኣቶ ንኣምን ኣረዲኡ።

ኣንበጣ ገረብ፡ ምስ ምጅማር ክረምት እንቋቝሓ ዝጸሬ ኩይኑ፡ ፍሉይ ባህርኡ፡ ብግዜ መዓልቲ ኣብ ላዕለዋይ ጨናፍር ኣግራብ ክውዕል እንከሎ፡ ብግዜ ለይቲ ንጥፈታቱ ስለዝካይድ፡ ንምቁጽጻሩ ካብ'ቲ ኣሸጋሪ ዝኾነ ከም ዝገብሮ ክኢላታት ይሕብሩ።



# ኣብ መላእ ሃገር ክካየድ ዝጸንሐ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ተዛዚሙ

ካብ 8 ሓምለ ኣትሒዙ ኣብ መላእ ሃገር ክሰላሰል ዝጸንሐ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ብ15 ነሓሰ ከም ዝተዛዘመ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዳይረክተር ጨንፈር ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣቶ ፍትዊ ወልደጊዮርጊስ ሓቢሩ።

ሎሚ ዓመት፡ 27 ሽሕ ተመሃሮ፡ ከም ኡ'ውን 1060 ኣለይቲ መማህራን፡ ሰብ ሞያ ጥዕናን ክኢላታት ሕርሻን ኣብ 45 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝዘርግሓ ልዕሊ 70 ነቑጣታት ተዋፊሮም - ብዙሓድ ደስኮሊናዊ ገዛ ዕማማም ብዓወት ከም ዝዛዘሙ፡ ኣቶ ፍትዊ ኣረዲኡ።

እቲ ወፍሪ፡ ብዝበዝሑ ንዝተወጠኑ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምግራብን ቀዳምነት ዝሃበ ኩይኑ፡ ከሉኣስ ኣግራብ፡ ጽሬት ከባቢ፡ ምሕጋዝ ጸገማት ስድራቤታት፡ ምጽጋን ሰሪሕ ሰዓት፡ ምጽጋን ሰደቓታትን ምርግጋጽ ድሕነት ጽርግያን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣብ 1994 ካብ ዝጀመረ፡ ኣብ 25 ዙርያታት ልዕሊ 537 ሽሕ ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ ኣድማዒ ንጥፈታት ከም ዝተተግበሩ፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ የረድእ።

# ፌስቲቫል - ፍርያት ዘኻዕብት ዝተቓመመ 'ባህርያዊ ድኹዒ'

ዮርዳኖስ ጸጋይ

ፌስቲቫል፡ ሓደ ካብ'ቶም ዝዓበዩ ሓድነትን ጥምረትን ህዝቢ ኤርትራ ዘገልጹ ዓበይቲ ኣጋጣሚታት እዩ። ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል፡ ኣብ ትሕቲ 'ቅያ ስጡም ማሰርዕ' ዝብል ቴማ እዩ ዘኻንገድ ዘሎ። ህዝቢ ድማ፡ ነቶም ብትሕዝቶታቶም ካብ ሓድሕድ ዝፍለዩ ፍርያት ንምዕዛብ፡ ካብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ይውሕዝ ኣሎ። ንሕና'ውን ናይ ሎሚ ኣደህቦና ናብ'ቲ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝቐረበ ትሕዝቶ ኣብሉ ኣሎ።

ዝበዝሐ ህዝቢ ካብ ኤርትራ ብሕርሻዊ ንጥፈታት እዩ ዝናበር። ሚኒስትሪ ሕርሻ እምበኣር፡ እቶት ሓረስቶት ብውሑስ መንገዲ ንምኽዕባት፡ ዝተፈላለዩ ቀረብት ኣብ ምውዳድ ምስ ተጸምደ እዩ። ምትእትታው ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን መቖጻጸሪታ ናይ'ዚ ማስርሕ ኮይኑ፡ ሓረስቶት ኣብ ባህርያዊ ድሩቕን ፈሳስን ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ዘለዎ ኣፍልጦን ተጠቃምነትን ንምዕባይ - ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ብኣባላት ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ሰፊሕ ዝበለ መብርሂ ተዋሂቡ።

መግለጺ ብዛዕባ ድሩቕ ድኹዕን መቀላጠፍን ብመንእሰይ ኣድያም ረዘነ እዩ ተዋሂቡና። ንሱ፡ ባህርያዊ ድሩቕ ድኹዒ፡ ብሓረስታይ ብዝቐለለ መንገዲ ዝዳሎ ምዃኑ ብምሕባር፡ መሬት እናኣሰበለ ጽቡቕ ምህርቲ ንምሕፋስ ዘኽእል ብሉጽ ሕርሻዊ መሳርሒ ከምዝኾነ ተረዲኡ።

ሓረስቶት ኣብ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ዘለዎም ኣፍልጦ ንምዕባይ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ነሓሰ 2021 ሓንቲ ኮሚቲ ብምቛም፡ ኣብ ሓሙሽተ ዞባታት ሃገርና ብሰፊሑ ክሰርሓሉ ዝጸንሐን ክሰብ ሕጂ እውን ዝሰርሓሉ ዘሎን ጉዳይ እዩ። መንእሰይ ኣድያም፡ ሓፈሻዊ ዕላማ እቲ ኮሚቲ፡ ወጻኢታት እናንከየ ትሕዝቶ መሬት ምህብታም፡ ጥዑና ኣኽዑበን ሰብን ምሕላው ከም ኡ'ውን ውሕስነት ዘለዎም ፍርያት ምፍራይ ምዃኑ ትገልጽ። ንትሕዝቶታት ድሩቕ ባህርያዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ኣመልኪታ ድማ፡ ሓሙሽተ ዓይነታት ባህርያዊ ድሩቕ ድኹዒ ከምዘለዉ፡ ንሳቶም ከኣ ሓረስታይ ካብ ከባቢኡ ብዝረኸቦም ትሕዝቶታት ብዝቐለለ መንገዲ ክምስርሖም ዝኽእሉ ምዃኖም ተብሪሁ።

ገረብ ኒም፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ሕርሻዊ መዳይ ከም ጸረ-ባልዕን ባህርያዊ ድኹዕን ዘገልግል እዩ። ምስ ኮምኮላዊ ድኹዒ ዝዳረግ ብርታዐ ዘለዎ ዓይነት ቆጽሊ ምዃኑ መንእሰይ ኣድያም ትገልጽ። ብዘወሳኺ፡







ናይ ክሽነ ጉሓፍ፡ ጥሉልን ድሩቕን ቆጽለ መጽለ፡ ወረቓቕቲ፡ ሓመድ፡ ዒባ፡ ፈሓምን ገለ ካብ'ቶም ድኹዒ ዝምስርሑ ጥረ-ነገራት እዮም። ካብ ብሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳሎ ፈሳሲ ድኹዒ ዝተረፈ ግሉት እውን ኣካል ናይ'ዚ እዩ።

ድኹዒ ብባህርያዊ መንገዲ ክምስራሕ ዋላ'ኳ ኣዋርሕ ዝወስደሉ እንተኾነ፡ ኣብ ቀረባ ብዘርከብ ትሕዝቶ - ማለት ከም ሩዝ፡ ሽኮር፡ ኣሕምልቲ፡ ፍሩታታትን ካልእን ተጠቒምካ ዝዳሎ መቀላጠፊ፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ብባህርያዊ መንገዲ ድኹዒ ምድላው ከምዝከኣል ክኢላ እዚ ዓውዲ መንእሰይ ኣድያም ተብርሁ።

እዞም መንገድታት ንቀረብ ድኹዒ እዚኣቶም፡ ሓረስታይ ኣማራጺታት ከምዝህልውዎ ብምግባር፡ ኣብ ኣርተፊሻላዊ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን ዘለዎ ተመርኳስነት ኣጉዲሎም፡ ኣብ ባህርያዊ ድኹዒ ዘለዎ ተጠቃምነት ኣዕቢዮሞ ይርከቡ። እዚ ኣገባብ እዚ፡ ድኹዕትን ብኹላን መሬትን ኣወጊዱ፡ ብዘዘዋዋሪ መንገዲ ኣብ ጥዕና ሰብ እወታዊ ተራ ይጻወት ከምዘሎ ድማ ይሕብር።

ካልእ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ንፈሳሲ ድኹዒ ኣመልኪቱ ኣስተምህሮ ዝሃበ ክኢላ ሕርሻ ኣቶ ሚልዮን ተወልደ እዩ። ንሱ፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን ሚኒስትሪ ሕርሻን ተሓባቢሮም ካብ ጸህያይ ባሕርን ዓሳን ዘፍርያዎ ዘለዉ ፈሳሲ ድኹዒ፡ ድሮ ብብዙሓት ዝበሉ ሓረስቶት ጽቡቕ ተቐባልነት ከምዝረኸበ እዩ ዝገልጽ። ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝርከብ ክሳብ ሕጂ ጥቕሚ ዘይተረኸቦ ጸህያይ ባሕሪ ተገፊፉ ከሎ - ግን ከኣ ናብ ባሕሪ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝምለስ ዝተበላሸወ ዓሳ፡ ኣብ ምስራሕ ፈሳሲ ድኹዒ ከምዝውዕልዎ የረድእ። እዚ ንሓረስቶት ብሉጽን ብዙሕነት ዘለዎን ድኹዒ ንምቕራብ ዘኽእል ኮይኑ፡ ነቶም ኣብ'ቲ ኣከባቢ ዝርከቡ ዜጋታት እውን ናይ ሸቐለት ዕድል ዝፈጥር እዩ።

እዚ ካብ ዝጀመረ ሰለስተ ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ ኣብ ባጽዕ ዝርከብ ፕሮጀክት፡ ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ ጸጋታት ባሕሪ ዝፈረየ ባህርያዊ ፈሳሲ ድኹዕን ጸረ-ባልዕን፡ ብናይ መጎዓዝቲ ወጻኢታት ንሓረስቶት ብናጻ እናተዓደለ ይርከብ። ኣብ ሞንጎ ሓሙሽተ ዞባታት ሃገርና ብዝርከቡ ሓረስቶትን ክኢላታት እዚ ዓውድን ዝካየድ ናይ ምስትምሃርን ሓሳባት ናይ ምልውዋጥን ንጥፈታት ድማ፡ እዚ ፕሮጀክት እዚ ብዝያዳ ከምዕበልን ብሉጽ ውጽኢት ከፍርን ሓጊዙዎ ኣሎ። እዚ ኣብ ምፍራይ ፈሳሲ ድኹዕን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕን ዝዓጥፍ ዘሎ ፕሮጀክት፡ ኣብ ውሽጢ ቀረባ ዓመታት፡ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ፡ ፍርያቱ ንደቂ-ሃገር ሓረስቶት ምዃን ሓሊፉ ንሰደድ ከፍሪ መደብ ከምዘሎ፡ ክኢላ እዚ ዓውዲ ኣቶ ሚልዮን ተወልደ ኣብ መወዳእታ ሓቢሩና።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ እዚ ብሓረስቶት ሃገርና ልዑል ተቐባልነት ረኺቡ ኣብ ግብሪ ዝውዕል ዘሎ ባህርያዊ ደረቕን ፈሳስን ድኹዕን ጸረ-ባልዕን፡ ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምትሕብባር፡ ብብዙሓኑ ብመንገዲ ክኢላታቱ ንሓረስቶት ኣስተምህሮ ይህብ እዩ። እዚ ድማ ሓረስቶት ኣብ ንሓድሕዶም ተሞኩሮታቶም ንኽለዋወጡ ባይታ ይፈጥር ኣሎ።

# መጎዓዝያ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ምድማቕ ፈስቲቫል ኤስክፖ!

ኣብ'ዚ ዘለናዮ ቅንያት ፌስቲቫል፡ በጻሕትን ነጋድያንን ብጥበእ ንምትእንጋድ፡ ሚኒስትሪ መጓዓዝያ ሓደ ካብ'ቶም ብዙጉዳስቶት ዝዋጹ ዘለዉ ጽላታት እዩ። ናይ መጓዓዝያ ጠለብ ኣብ ምምላእ፡ ሎሚ ዓመት እዚ ሚኒስትሪ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ፌስቲቫል ኤክስፖ ዘካየዶ ንጥፈታት ኣገልግሎት፡ ኣብ ኣዝዩ ንጡፍ ስራሕ ተጸሚዱ ይርከብ።

ኣብ'ዚ ቅንያት ካብ ዝተዓዘብናዮ እንተነይሩ፡ ኣውቶቡሳትን ሚኒባሳትን ከተማ ኣስመራ፡ ካብ'ቲ ግቡእ ናይ ስራሕ ሰዓታተን ብምሕላፍ፡ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ኣገልግሎት መጓዓዝያ እናሃባ ይርከባ። ነዚ ዝቐደድ ዘሎ ንጥፈት ከብርሃልና ንሓላፊ ኦፐሬሽን ህዝባዊ መጓዓዝያ ከተማታት ኣቶ ግርማይ ክብርኣብ ኣብ ዝተወከሰናሉ፡ ዝኾነ ተኣንጋዲ ናይ'ዚ ፌስቲቫል ብምኽንያት መጓዓዝያ ከይሸገር፡ መጓዓዝያ ዞባ ማእከል - ብዘይካ'ቲ ምዱብ ሰዓታቱ፡ ካብ ሰዓት 9:00 ናይ ምሸት ክሳብ ፍርቂ ለይትን ድሕሪኡን ዘሎ ሰዓታት ኣገልግሎት ይህብ ከምዘሎ ገሊጹልና።

መጓዓዝያ ዞባ ማእከል ነቲ ኣብ ቅጽሪ ፌስቲቫል ዝርአ ብዙሒ ተጓዓዚ ምሉእ ኣገልግሎት ንምሃብ፡ ካብን ናብን ኤክስፖ ብዙሕ ቦታታትን ናይ ብዙሑ-ማስመር ኣገልግሎት እዩ ዘካይድ ዘሎ። እዚ ማለት፡ ካብ ኤክስፖ ናብ ኣኽርያ፡ ካብ ኤክስፖ ናብ ማይ-ተመናይ፡ ካብ ኤክስፖ ንቁሸትን ጸዕዳ ክርስትያን፡ ካብ ኤክስፖ ንጎዴ-ሰጉዶ፡ ካብ ኤክስፖ ንጎዴ-ኣቤቶ፡ ካብ ኤክስፖ ንጎዳይፍን ቀሓውታን ዝካየድ ጉዕዞ። ኣብ'ዞም መስመራት እዚኦቶም ድማ፡ ብዙሓት ከባቢታት ኣስመራ ከምዝጠቓለላ ብምግባር፡ ናብ ምሉእ ኣስመራ ከምዝበጽሕ ተገይሩ ከምዘሎ ኣቶ ግርማይ ይሕብር። ዓመት መጽኦ ብዙሒ ነጋድያን ፌስቲቫል እናተራእየ፡ ተወሰኽቲ ኣውቶቡሳት ኣብ ስራሕ ከም ዝጸመዳ ይግበር እዩ። ሎሚ ዓመት እምበኣር፡ ኣብ ርእሲ እተን ምዱባት ናይ ከተማ ኣውቶቡሳትን ሚኒባሳትን፡ ካልኦት ዓሰርተ ኣውቶቡሳት እየን ከምዝውሰኻ ተገይሩ።

ካልእ ኣብ'ዚ ቅነ ፌስቲቫል ዝበረኸ ፍሉይ ተርእዮ፡ ብመራሕቲ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ፡ ቁረጽቲ ትኬትን ተቖጻጸርትን ዝካየድ ዘሎ ተወፋይነት ዝመልኦ ስራሕ እዩ። እዞም ኣባላት ሚኒስትሪ መጓዓዝያ እዚኣቶም፡ ካብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ሕልፍ ብዝበለ ጸዕሪ፡ ማለት ካብ ኣውቶቡሳትን ሚኒባሳትን ብምውራድ - ህዝቢ ክሰርዕ፡ ትኬት ክቖርጽ፡ ስርዓት ክትሕዝ፡ መጓዓዝያ ናብ ዝኸዶኦ ቦታ ዝገልጽ ኣሰማት ሒዞም ንተሳፈርቲ ክሕብሩ ተዓዚብና። እዚ መስርሕ እዚ፡ ኣብ'ቲ ፌስቲቫል ዝወዓለ ህዝቢ ክሳብ ናብ ቦታኡ ዝምለስ ዘይጋገዮ ተርእዮ እዩ። እዚ በዞም ኣባላት መጓዓዝያ ዝካየድ ዘሎ ተወሳኺ ስራሕ፡ ህዝቢ ቅልጡፍ መጓዓዝያ ክረክብ ኣኽኢሉ ኣሎ። ንህሉው ኩነታት መጓዓዝያ ካብን ናብን ኤክስፖን እቲ ዝበጽሕ ቦታታትን ኣመልኪትና፡ ንተሳፈርቲ እውን ኣብ ዝተወከስናሉ፡ እዚ በቲ ሚኒስትሪን ሰራሕተኛታቱን ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት መጓዓዝያ፡ ሓደ ካብ'ቲ ናብ'ዚ ፌስቲቫል ክትመጽእ ዘተባብዕ ረቛሒ ኮይኑ ከምዘሎ እዮም ዝገለጹልና።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጸ. 1284



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጥቕሚ ምጥባው ንኣደን ዕሸልን

=> ምጥባው፡ ኣብ መዓልቲ - ካብ 500 ክሳብ 600 ካሎሪ ከቃጽል ይኽእል፡፡ እዚ ማለት ገለ ዘጥብዋ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብዘይ ዝኾነ ተወሳኺ ምውስዋስ ኣካላት፡ ክብደት ሰብነተን ክጉድላ ይኽእላ፡፡

=> ጸብ ጡብ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ዋህዮ፡ እንተላይ ፈርዒ ዋህዮ (stem cells) ዝሓቘፈ ህይወት ዘለዎ ሳብስታንስ እዩ፡፡ እዞም ዋህዮታት ናብ ሓንጎል፡ ልቢ፡ ኩሊት ወይ ዓጽሚ ብምእታው ኣብ ዕብየት ናይ'ቶም ኣካላት ዓቢ ተራ ይጻወቱ፡፡

=> ጸብ ጡብ ኣደ፡ ሕማም ንምክልኻል ዘኽእል ጻዕዳ ዋህዮታት ደም ዝሓቘፈ እዩ፡፡ እታ ኣደ ወይ እቲ ዕሸል ብሕማም ተጠቒዑ ምስ ዝህሉ፡ ቁጽሪ ናይቶም ኣብ ጸብ ጡብ ኣደ ዝህልዉ ጻዕዱ ዋህዮታት ደም፡ ብዙሕ ንብዙሕ ይወስኽ፡፡

=> ልግዐ (Colostrum) እቲ ናይ ፈለማ ጸብ ጡብ ኣደ እዩ፡፡ ልግዐ ፍሉይ ፕሮቲን ዝሓቘፈ ጸብ ጡብ ኣደ ኮይኑ፡ ኣብቲ ፈለማ፡ ንኣምዑት ናይቲ ህጻን ብምሽፋን፡ ካብ ጉድኣት ባክተርያ ንምክልኻል ይጠቅም፡፡

=> ኣብ ግዜ ምጥባው፡ ካብ ሓንጎል ኣደን ዕሸልን 'ፕሮላክቲን' (prolactin) ከምኡ'ውን ኦክሲቶሲን (oxytocin) ዝተባህሉ ከዕታት/ሆርሞናት ይምንጨው እዮም፡፡ እዞም ከዕታት ናይ ወጥርን ሻቕሎትን ስምዒታት ብምእላይ፡ ኣብ መንጎ ኣደን ዕሸልን ናይ ምቅርራብ ርክብ ይፈጥሩ፡፡

=> ጸብ ጡብ ኣደ፡ ኩሉ ግዜ ጻዕዳ ሕብሪ ክሕዝ ኣይክእልን እዩ፡፡ ከም ኣመጋግባ ናይታ ኣደ፡ ሕብሩ ዝተፈላለየ ክኸውን ንኽእል እዩ፡፡ ኩሉ ንቲ ህጻን ዝሰማማዕ ስለ ዝኾነ፡ ብሕብሩ ክትሻቐሊ የብልክን፡፡

=> ግዝፈ ጡብ ምስቲ ክፍርየ ዘኽእል ብዝሒ ጸብ ምትእስሳር የብሉን፡፡ ንእሽቶ ጡብ ዘለዋ ኣደ፡ ካብታ ገዚፍ ዝጡባ ኣደ፡ ማዕረ ወይ ዝያዳ ጸብ ዘፍርዩ ቲሹታት ክህልዋ ይኽእል እዩ፡፡

=> ዘጥብዋ ኣዴታት ብመንጽር ጡብ፡ ሕማም ልቢ፡ ወቕዒ፡ ሕማም ሽኮር፡ ከምኡ'ውን ድሕሪ ወሊድ ብዝመጽኡ ዝተፈላለዩ ጸቕጥታት ክትጥቃዕ ዘለዋ ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ፡፡

=> ጸብ ጡብ ኣደ፡ እቲ ዕሸል ገና ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ብረኽሲ እዝኒ፡ እስትንፋስን መዓናጡን ንኸይጥቃዕ ይከላኸለሉ፡፡

### ጸብ ጡብ

ጸብ ጡብ ኣደ፡ ጥዕና (ህላወ) ዕሸልን ኣደን ብዋዕቱ ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ብሉጽ መሐበሪ እዩ፡፡ ጽብጽብ ውድብ ጥዕና ዓለም ከም ዘመልክቶ፡ ብደረጃ ዓለም ብዋዕቱ ጸብ ጡብ ኣደ ናይ ዝረኸቡ ትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም ህጻናት፡ ዛጊት ትሕቲ ፍርቂ እዩ ዘሎ፡፡

ጸብ ጡብ ኣደ፡ መዳርግቲ ኣልቦ ዝኾነ ንቲ ህጻን ዝሰማማዕ ዝበለጸ መግቢ እዩ፡፡ ጸብ ጡብ ኣደ - ውህሉስ፡ ጽሩይ፡ ከምኡ'ውን ሕማም ንምክልኻል ዝሕግዝ መግቢ ህጻን እዩ፡፡

ጸብ ጡብ ኣደ፡ ትሕቲ 6 ወርሒ ንዝዕድሚኦም ህጻን ዘድሊ፡ ኩሉ ዓይነት ጸዓትን መኣዛዊ ትሕዝቶን ኣለዎ፡፡

ሓደ ዕሸል ኣብ መዓልቲ ክንደይ ግዜ ደጠቡ ካብን ናብን ደፈላለ እዩ፡፡ ገለ



ዕሾላት ወሓድ ዝጠበው ክህልዉ እንከለዉ፡ ገሊኦም ብተደጋጋሚ ክጠብዉ ዝደልዩ ገሊኦም ድማ ጡብ ክሕዙ እንከለዉ ነዊሕ ክጸንሑ ዝደልዩ ኣለዉ፡፡ እዚ ዝተፈላለየ ባህሪ፡ እቲ ዕሸል እናዓበየ ብዝኸደ'ውን ይፈላለ እዩ፡፡ ሓደ ህጻን ኣብ መዓልቲ ካብ 8 ክሳብ 10 ሳዕ ክጠቡ ኣለዎ፡፡

ሓኪይም ከም ዝሰማምዕሉ እንተኾይኑ፡ ሓዲሽ ዝተወልደ ዕሸል ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 2 ወይ 3 ሰዓት ክጠቡ ይግባእ፡፡ ክልተ ወርሒ ዕድመ ዘለዎ ህጻን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 3 ወይ 4 ሰዓታት ክጠቡ ልሙድ እዩ፡፡ 6 ወርሒ ዕድመ ምስ ረገጹ ኣብ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ሰዓታት እንተጠበወ ዘጸግም ኣይኮነን፡፡

ኣስተብህሊ! ንወላዲኺ ከተጥብዊ ዘለኺ ደኒሉትን ወሳኺን ኣቦኺ እዩ ዝምርኮስ፡ "ምጥባው ኣብዩኒ ወይ ደቂሱ ኣሎ" ኢልኪ ሱቕ ክትብሊ ኣይግባእን፡፡

### እቲ ዕሸል ጠምዩ ከም ዘሎ ዘርእዩ ምልክታት

ሓደ ካብ'ቲ ኣዝዩ ልሙድ ዝኾነ - እቲ ዕሸል ጠምዩ ከም ዘሎ ዘርኢ ምልክት ብኽያት እዩ፡፡ እቶም ካልኦት ምልክታት፦

ከናፍሩ ኣወጣዊጡ፡ መልሓሱ ንቕድሚት ኣውጺኡ ናይ ምጥባው ምልክት ምርኣይ፡

ጡብ ንምርካብ፡ ብተደጋጋሚ መንጋግኡ፡ መልሓሱን ርእሱን ብምንቅስቓስን ሃሰስ ምባልን፡

ኢዱ ኣብ ኣፉ ምእታው፡

ኣፉ ምኽፋት፡

ምዕልባጥ፡

ኣብ ቅድሚኡ ዝጸንሖ ኣቕሓ ኣብ ኣፉ ኣእትዩ ምጥባው. . . ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡

### ጥቕሚ ጸብ ጡብ ኣደ ንቲ ዕሸል

ጸብ ጡብ ኣደ ጸረ-ነፍሳት (antibodies) ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ፡ ንቲ ዕሸል ብቫይረስን ባክተርያን ከም ዘይጥቃዕ ብምግባር፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ይከላኸለሉ፡፡ ጸብ ጡብ ኣደ፡ እቲ ዕሸል ብሕማም ኣዝማ ወይ ብኻልእ ዓይነታት ቁጥዐ ክጥቃዕ ናይ እዚኤን ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ዝተሓተ ይኸውን፡፡ ብወጻእተ'ውን ብቐሊሉ ኣይጥቃዕን፡፡

ጸብ ጡብ ኣደ፡ ብልሒ ኣእምሮ ናይ'ቲ ዕሸል የዕቢ፡፡ ጸብ ጡብ ኣደ፡ ኣብ'ታ ኣደን ዕሸልን ጥቡቕ ምትእስሳርን ናይ ዓይኒ ምቅርራብን ስለ ዝፈጥር፡ ንብልሒ ኣእምሮ ሓጊዚ ከም ዝዕበር መጸናዕትታት የረድኡ፡፡

ጸብ ጡብ ኣደ፡ እቲ ዕሸል ንቡር ሚዛን ሰብነት ሓልዩ ክዓቢ የኽእሎ፡፡ ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ከይወሃ'ውን ይከላኸለሉ፡፡

### ጥቕሚ ምጥባው ነታ ኣደ

ኣደ ቀጻሊ ተጥቡ እንተኾይና፡ ኣብ ሰብነታ ክኸዘን ንዘኽእል፡ ዳሕራይ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ዝኸውን ጸዓት ኣብ ምቅጻል ይሕግዝ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ነፍሰጾር ብምጽንሓ ንዝጠበራ ምውሳኽ ክብደት ሰብነት ቀልጢፉ ከተጥፍኦ ትኽእል፡፡ 'ኦክሲቶሲን' (oxytocin) ዝተባህለ ሆርሞን ክተመንጩ ይጠቕም፡፡ እዚ ሆርሞንዚ እቲ ማህጸን ቅድሚ ጥንሲ ምሓዙ ናብ ዝነበሮ ዓቐን ክምለስ ይሕግዝ፡፡ እቲ ሆርሞን ድሕሪ ሕርሲ ካብ ማህጸን ንዝዘሎ ደም ኣብ ምጉዳል'ውን ይጠቅም እዩ፡፡

እታ ኣደ፡ ንቲ ምጥባው ካብ 1 ክሳብ 2 ዓመታት ምስ እትቕጽሎ ዝህቦ ጥቕሚ ምስኡ እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ፡፡ ብመንሽሮ ጡብን ማህደረ እንቋቁሖን ንዝለዎ ተኽእሎታት የጉድሎ፡፡

ብዘወሰኸ፡ ሓደ ዕሸል ክሳብ 6 ወርሒ ዕድሚኡ ዝኾነ ካልእ ከይሓወሰ ጸብ ጡብ ኣደ ጥራይ ምስ ዝምገብ፡ ብዝተፈላለዩ ረኽሲታት ስርዓተ-እስትንፋስን ረኽሲታት ክትጥቃዕ ዝለዋ ተኽእሎታት የጉድል፡፡ ብምህምኩዓጽሚ (osteoporosis) ክትሳቐ ዘሎ ስግኣታት እውን የጉድል፡፡

እቲ ጸብ ጡብ ክትዕቅኖ፡ ከተምክሮ፡ ከተውፆ ወይ ከተዝሕሎ ዘይሓትት ወትሩ ድሉው ብምዃኑ'ውን፡ ግዜኻን ገንዘብካን ክትቁጥብ የኽእለካ፡፡ ምጥባው ንባዕሉ ምስ ወላድካ ግዜ ሂብካ ክትዛረብን ጥቡቕ ምትእስሳር ክትፈጥርን ይሕግዝ እዩ፡፡

### እኹል ጸብ ጡብ ኣሎ ኢልኪ ትሓስቢዶ?

ዕሸል ምስ ተወልደ ዘለዋ ቀዳሞት ውሑዳት መዓልታት፡ ካብ ጡብ ዝወጽእ ፈሳሲ ልግዐ ወይ 'ኮሎስትሩም' (colostrum) እዩ ዝበሃል፡፡ ልግዐ ኣዝዩ ሓፊስ፡ ብዓቐኑ ዝበለ ሕብሪ ዝሓዘ ኮይኑ፡ ብዓቐን ግን ብዙሕ ኣይኮነን፡፡ ይኹን'ምበር፡ ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ፡ ንቲ ዕሸል ምሉእ ብምሉእ እዩ ዝዕንግሎ፡፡ ልግዐ፡ ማስመርሒ ስርዓት-ምሕቃቕ መግቢ ናይቲ ሓዲሽ ዝተወልደ ዕሸል ክምዕብሉን ንቲ ዝመጽእ ጸብ ጡብ ኣደ ኣብ ምሕቃቕ ክዳለውን ይሕግዝ፡፡

ልግዐ፡ ቀዳማይ መድረኽ ዝመጽእ ጸብ ጡብ ኣደ እዩ፡፡ ምስ ምውሳኽ ኣካላዊ ዕብየት ናይቲ ዕሸል፡ ንቲ ዘድሊ መኣዛዊ ትሕዝቶ ከማልእ ናብ ካልእ ዓይነት ጸብ ጡብ ኣደ ይሰጋገር፡፡ እዚ ካልኣይ መድረኽ ጸብ ጡብ ኣደ 'ማሰጋገሪ ጸብ' (transitional milk) ተባሂሉ'ውን ይግለጽ እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ጸብ ጡብ፡ እቲ ዕሸል ካብ ዝውለድ ካብ 10 ክሳብ 15 መዓልታት ምስ ኣቑጸረ እዩ ዝመጽእ፡፡ እቲ ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ዝመጽእ ጸብ ጡብ፡ 'ምሉእ' ወይ 'ማቹር' (mature) ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡

እቲ ዕሸል ምስ ዘርእዮ ኣካላዊ ብቕዓት ብዝበዝሐ ጸብ ኣብ ዝጠብሉ እዋን፡ እታ ኣደ ተወሳኺ ጸብ ጡብ ተፍሪ፡፡ ዝኾነት ኣደ ክሳብ 6 ወርሒ ዝኾነ ተወሳኺ ጸብ ይኹን ካልእ መግቢ ንቲ ዕሸል ክትህቦ ከም ዘይብላ እያ ሓኪይም ዝመኽሩ፡፡ ምስ እትህቦ ግና፡ ተፍርዮ መጠን ጸብ ብኡ ንብኡ እዩ ዝጎድል፡፡

### እቲ ዕሸል እኹል ጸብ ይረክብ ኣሎዶ የለን?

ሓያሎ ኣዴታት፡ እቲ ዕሸል እኹል ጸብ ይረክብ ኣሎን የለን ኣብ ምምጃም ክሸገራ ይረኣያ እየን፡፡ እቲ ዕሸል እኹል ጸብ ይረክብ እንተሎ፦

* ኣብ ፈለማ 5 መዓልታት ዕድመ ናይቲ ዕሸል ክብደቱ ብ7 ሚእታዊት ኣይጎድልን፡፡

* ኣብ መንጎ ናይ ምጥባው ሰዓታት ዘሎ ግዜ ዕጉብን ሕጉስን ኮይኑ ትርእዮ፡

* ኣብ 7 ክሳብ 10 መዓልታት ዕድሚኡ፡ ኣብ መዓልቲ ብውሕዱ ክሳብ 6 ሳዕ ጥሉል ጨርቂ ሽንቲ ቐልዓ ወይ 'ዳይፐር' ክትቕይር የገድደኪ፡፡

### ኣብ ግዜ ምጥባው ክኽተላ ዝግብአ ኣቃውማ

ኣደ ንዕሸል ጸብ ከተጥቡ እንከላ፡ ንዓኣን ንቲ ዕሸልን ምቹእን ዘዘንን ኣቃውማ ክትፈጥር ይግባእ፡፡ እቲ ኣቃውማ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል እዩ - ኮፍ ኢልካ ወይ ተጋዲምካ፡፡ ገለ ካብኡ'ውን ኣዝዮም ልሙዳት፦

= እታ ኣደ ኣጣጢሓ ኮፍ ብምባል፡ በቲ ሓደ ኢዳ ነቲ ዕሸል ምሉእ ብምሉእ ብሕቝፉ ደጊፋ ናብ ጡባ ብምቕራብ፡ በቲ ሓደ ኢዳ ድማ ንርእሱ ምድጋፍ፡፡ ርእሲ ምድጋፍ እቲ ዕሸል ንኣፍ ጡብ ናብ ኣፉ ምሉእ ብምሉእ ኣእትዩ ክጠቡ የኽእሎ፡፡ ኣፍንጫኡ ከይዕበስ ምስትብሃል ግና የድሊ፡፡

= እታ ኣደን እቲ ዕሸልን ተጋዲሞም ብምድቃስ፡ ግቡእ ኣቃውማ ናይቲ ዕሸል ሓልዩ ምጥባው እውን ይከኣል እዩ፡፡

### ምኽሪ ንእተጥቡ ኣደ

ነቲ ዕሸል ጥዑይ ጸብ ጡብ ክተመንጨውሉ፦

= ሽጋራ ኣይተትክኺ፡

= ኣልኮል ኣይትስተዩ፡

= ንዓይነቶም ሕክምና ከይሓበርኪ ዝኾነ መድሃኒት ኣይትውሰዲ፡

ኣስተብህሊ! ንቲ ዕሸል ዘዐግብ እኹል ጸብ ክህልወኪ፡ ኣመጋግባኺ ስሩዕን ዝተመጣጠነን ክኸውን የድሊ፡፡



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜናስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ(ቀጥታ) |
| 15:30 | ካብ ኤክስፖ |
| 16:00 | ሞዛይክ1 |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ2 |
| 19:30 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ (ቀጥታ) |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም በርሀ በዓል ርስቲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ካብ ኤክስፖ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ወዘተረፈ

መም/ዮናስ ሃብተ

ከም ብ'ዋዛ

## ዓይነታት መግናሕቲ

ቁልዓ= "ባባ! ባባ...!!"

ኣቦ= "ኣቤት ዝወደይ!"

"ኣብዚ ሳሎንናሲ ሓደ ገጽፍ ጻዕዳ ድሙ በጥ ኢሉ ኣሎ።"

"ጻዕዳ ድሙ. . .?"

"እወ ጻዕዳ ድሙ፡ በጥ ኢሉ ደቂሱ ኣሎ።"

"ጻዕዳ እንተ ኾይኑስ በዓል ዕድል እዩ - ደሓን ይደቅስ ሕደጎ ዝወደይ!"

"ኣሃ... እሞ በዓል ዕድል ስለ ዝኾነ እዩ እምበኣር፡ ማማ ንጻኻ ኢላ ዝቖረበቶ ምሳሕ፡ ንሱ ህዝክት ኣቢልዎ ዘሎ።"

እቶም ምሳሕና ዝዘበልዓና ንሕና ነይርና እንተ ንኸውን፡ ቀዳመይቲ ስጉምትና ነቲ ድሙ ምህራም እያ ክትከውን ትኽእል። እንተስ እቲ ድሙ ካልእ መዓልቲ ንኸይለምደና፡ እንተስ መተሃላልኽቲ ረኺብና።

እቲ ድሙ ካልእ መዓልቲ ኣብ ከበቢ ግዛውትና ኣብ ዘሎ ጉደና እንተ ዝጸንሓና ኸ፡ "እውይ እቲ ምስሐይ በሊዑ ጾመይ ዘውዓለኒ ድሙ!" ኢልናዶ ስሒቕና ምሓለፍናዮ? ወይስ እቲ ዝሓለፈ ግብሩ ተዘኪሩና ደንገላ ሒዝና ምጎየናዮ?"


═ ═ ═

ንቕመራ ናይ'ዚ ወግዕና ምእንቲ ክሕግዘናስ፡ ኣብ ጨጉራ ምሽ ንፈልጦ ኢና ሓቀይ? እቲ'ኳ እናኣንፈሓኸ ዝኸይድ ሓሰኻ? ኣብ ገምባሕከ? 'ኣብ' ስለ ዝበልኩ፡ ኣጠጉብዩ ዝብል ዘለኹ ከይመስለኩም። ኣጠጉብዩ እሞ፡ ካብ ልስልስትን ድርቕትን ሳዕሪ ጥራሕ እናበልዐ ነዊሕ ዓመታት ዝነበር እንስሳ እዩ። ኣብገምባሕ ግን ኩሉ ኣካላቱ ጸለም ኮይኑ፡ ኣብ ክሳዱ ቀይሕ ሕንጥልጥል ዘለዎ ኣሞራ እዩ።

ኣብ ዛይዳ ዝበሃል ከኣ ኣሎ። ኣብ ዛይዳ ማለት ኣብ 'ልሳነ ኣግዓዚ ዘ እም ግርማ' ዝብል ናይ ትግርኛ መዝገበ ቃላት መርጌታ ግርማጼን መብራህቱ ከም ዝረኣኹዎ፡ ካብ ዋናኡ ሸፊቱ ኣብ በረኻ ዝነብር እሞ፡ ለይቲ ለይቲ ናብ ዓዲ እናኣተወ ደርሁ ዝሓንቕ ድሙ እዩ።

እዚ ኣብ ዛይዳ ዝበሃል ድሙ እንደዩ ሓደ ግዜ፡ ሰለስተ እሾብሊ ኣንበዘ ብሓባር ናብ ዝነበሩላ ግዛ ኣትዩ፡ ኣቦኡ ዝጸንሓ መግቢ በላዒ ምሳይ ደይለምደልኩም። እታ ሓጋዚቶም ነቶም እሾብሊ ከመይ ዝኣማሰለ መግቢ ከሸናትሎም ሰዓት 3፡00 ድ.ቀ. ኣቢላ ግዛ ዓጽጽያ ተኸይዳ። ብኣዕ ዝበሎ ኣብ ዛይዳ ከኣ ንሳ ክሳብ ትኸይዱ ኣብ ዝጠነ ዚንገ ኮይኑ ክከታተላ ይጸንሕ። ከመይ ገይሩ እዩ ዝሰሉኹ እንደዒ - እግሪ እግራ ኣትዩ ነቲ ሰራሒቶ ዝኸደት መግቢ ደዋዕዋዕ የብሎ።

ኣብ'ቲ ፈለማ'ኳ እቶም እሾብሊታት እቲ መግቦም ደኣ ተበሊዑ ይጸንሖም ነይሩ እምበር፡ መን ይበልዖ ከም ዝነበረ ኣይፈልጡን እዮም ዝነበሩ። ከይዝረቡ ድማ፡ "እዛም ጉረባብቲኸ እንታይ ክብሉና. . .?" ኢሎም ኣሰኪፍዎም። ምኽንያቱ፡ "ዕጽው ግዛ ከከፊትካ ዘይድሰትኻ ምብላዕ!" ዝብልዎ ፋሽን እንተ መጺኡስ፡ እዞም ጉረባብትና እውን መግቦም ተበሊዑ ምጸንሖም?" ኢሎም ሓሲቦም። ወዮ እቲ ኣብ ዛይዳ ብማይ ዝይተጀልሐ ከሎ ክልተ ከሎ መግቢ እሾብሊ እምበር፡ ንርብዒ ከሎ ሰጋ፡ እሞ ድማ መሊሱ ክልተ ቴኖ ማይ ዝኣተዎ ካብ ብልጽዮ ክዳውንትኻ ኣውጺእካ ሓንበሰሉ ዝመጽኣካ ጸብሒ.



እንዳሰድራ ቁሊሕ ከም ዘይብሎ መን ፈሊጥዎ።

ብዝኾነ እቶም እሾብሊታት ጸገሞም ኣብ ውሽጦም ገይሮም ነዊሕ ጸኒሖም። ሓደ መዓልቲ ግን ንሶም ብደገ ጸኒሖም ንገዛኦም ክኣትዉን ንሱ ብገዛኦም ጸኒሑ ጥዑም በሊዑ ኣፉ ብመልሓሱ እናኣጸራረየ ንደገ ክወጽእን ኣብ'ቲ ኣፍ-ደገ ግዛ ጉፍ-ንጉፍ ተራኺቦም። ተጻቢኦም መን ምኳኑ ድማ ፈሊጦም።

መግቦም ዝበልዓሎም ዝነበረን ዘሎን መን ምኳኑ ምስ ፈለጡ፡ ንዓኡ ኣሰምብድ ኣቢሎም እታ ንሱ ዝኣትወላ መሳለኺት ብምዕጻው ሾግሮም ክኣልዩ ይኽእሉ ነይሮም እዮም። "እዚሱ ኣይወፈረ ኣይሰርሐሰ፡ እንታይ ኣምሲሉ ኢዩ መግብና እናበልዐ ዘዋርደና!" ዝብል ሕንሕነ ሒዝዎም ግን፡ "ክቕተል ኣለዎ" ብምባል ኣብ ምቕታሉ ጥራይ ኣድሂቦም።

ንሳቶም ሸቓይ ክቕርቡ፡ እታ ሓጋዚቶም ነቲ መግቢ ክትሰርሖ፡ ኣብ ዛይዳ ጥዑም በሊዑ፡ "ኢድ ይባርኽ! ነቶም ዝቐረቡ ድማ ዘጥፍእዎ ይተካኣሎም?" ኢሉ እናመረቐ ክወጽእ፡ ሓያሎ መዓልታት ሓለፈ።

ሓደ መዓልቲ እቶም፡ "ጸገም ረኺብና በሃልቲ፡ ኣባዛይዳ ከም ኣመሉ ናብ ግዛ ምስ ኣተወ ከይወጽአ እንከሎ ከርክቦዎ ብምሕሳብ፡ "ቀብሪ ረኺብና" ብዝብል ምኽኒት ካብ ስራሖም ኣቐዲሞም ተፈዲሶም። ዋላ'ውን ምኽኒት ዘይተኣስ ሓቂ እዩ ነይሩ እቲ ምኽንያቶም። ምኽንያቱ፡ ንዓኡ ቀቲሎም ኣብ ቀብሪ ናቱ ክውዕሉ ስለ ዝነበረ እቲ ሓሳቡ።

ካብ ስራሖም መጺኦም ናብቲ ካንሸሎ ምስ ኣተዉ፡ ቅድሚ "መዓልኩም!" ምባሎም፡ "ከምዚ ሕጂ ደዩ ዝኣቱ ሓቀይ?" ብምባል እናተሃወኹ ነቶም ጎረባብቲ ሓቲቶሞም።

"እወ፡ ኣረ ደሮ ኣትዩስ ገልጠምጠም ጀሚሩ ኣሎ።" እቶም ጎርባብቲ መለሶምሎም።

ሰለስቲኦም ናብ'ቲ ማዕጾ ኣእዛኖም ኣጸጊዖም እንተ ተጸናጸኑ፡ ፈለማ ከም'ዚ ነቲ ደስቲ ንምኽፋቱ ዝመስል ናይ መኽደን ደስቲ ገልጠም-ጠም፡ ጸኒሑ ድማ፡ ከም'ዚ ነቲ ኣዕጽምቲ ንምቑርጣሙ ዝመስል ዓጠም-ጠም።

"ግርም! ሕጂ ኣነ ክፍት ኣቢለ እትው ክብል እንደየ - ደድሕረይ ኣቲኹም ዛ ግዛ ንዓጽዋ። ሽዑ ምሳሕና'ኳ ክንደየናይ ከይጸንሓና ወዲእዎ ከም ዝጸንሕ ፍሉጥ እዩ፡ ግን ንዓኡ ንምሰሖ!"

"ሕራይ፡ ሕራይ. . .!" ተመኻኺሮም።

ልክዕ ከም'ታ ዝተበሃሃልዎ ማዕጾ ፍቕቕ፡ ብቕጽበት እትው፡ መሊሶም ማዕጾ ዕጸውዎ።

ኣይጸንሐን 'ዲጉ! ዲጉ!' ዝብል ድምጺ ኣብትር።

እቶም ኣብ ኣፍ-ደገ ኮይኖም ዝጸናጸኑ ዝነበሩ ጎረባብቲ፡ ኣብ ናይ ሰለስቲኦም ሰብ ግዛ ዓራት በብተራ ዝዋልብ ዝነበረ ድምጺ ኣብትር ምስ ሰምዑ፡ እቲ ድሙ ካብ ዓራት ናብ ዓራት እናተናጠረ የስሕቶም ከምዝሎ ንምግማት ኣይተጸገሙን።

እቲ ከም'ዚ ድሙ ናይ ምህራም ዘይተኣሰ ከም'ዚ ፍርናሽ ናይ ምንጋፍ ዝጥዕም ድምጺ፡ ንኣስታት ፍርቂ ሰዓት ኣቢሉ ምስ ቀጸለ ግን፡ "ኢ'ይ... !" ዝብል ብርቱዕ ኣውያት ናይ'ቶም ኣንበዘ ተሰምዐ።

እቶም ጎረባብቲ፡ 'ናይ ምንታይ ኣውያት ደኣሉ?" ብምባል ትዕግስቲ ገይሮም ክጸበዩ ፈተኑ። እቲ ኣውያት መመሊሱ ምስ መረረ ግን፡ "በሉ ሕጂስ ንዓኡ ምስ ቀተሉ ካን ንሓድሕዶም ኣብ ምቕትታል ኣትዮም ኣለዉ።" ኢሎም ገግቲዮም፡ ከኣግልዎም ነቲ ማዕጾ ብሓይሊ ደፊኦም ክፍት እንተበልዎ፡ እቲ ድሙ ምንም ከይተተንከፈ፡ ብጽብጽ ዘለሉ ወጺኡ ሽናዕ እናበለ ከይዱ። እቶም ኣንበዘ ግን ብኣጻፋር ናይ'ቲ ድሙ ተቐዳዲዶም፡ ከም'ዛ ፈሊጥካ ዘጋደምካዮም ገሊኦም ኣብ ዓራት፡ ገሊኦም ኣብ መሬት ወዲቖም።

ለሚ-ለሚ ምሽ "ድሙ ግዛ ዒኺ ኣይህሪምን እዩ" ይበሃል'ዩ ሓቀይ? እንድዒ ደኣ'ምበር ካብ'ታ ፍጻመ እቲኣ ጀሚሩ እዩ ዝኸውን እቲ ኣበሃህላ።

ሓደ ምሽት ድማ፡ ንፈትዎ ጎረቤትና እንደዩ በበይንና ኣምሲና ግን ቅድምን ድሕርን ኮይንና ቀቅድመይ ናብቲ ካንሸሎና ኣትዩ። ኣነ ኸኣ ኣእዳወይ እናተሓጸብኩ እንከለኹ፡ ንሱ ግን ደሮ ክልተ ብጺጋሙ ሓደ ብዮማኑ ሰለስተ ኣብትር ሐዚ ሽዑ ንሽዑ ንደገ ተመሊሱ። በዓልቲ-ቤቱ ሰዲባቶ። ናይ ነገር ደሓን ከም ዘይኮነ ተረዲኡ ኣነ'ውን ሰዒበዮ። "እንታይ ኢኻ ኮይንካ? ዝብል ዘረባ እናደጋገምኩ ደድሕሪኡ ጎየኹ፡ ግዳ ደው ክብለለይ ኣይከኣለን። "ጽናሕ'ሞ ዝኣቶም ኩሳትር እንተዘይ ኣብለየምስ ኣይኣነን እየ!" እናበለ ጥራይ ፈፊንጺጊኒ ይኸይድ ነይሩ።

"በጃኺ'ባ ንገርኒ እንታይ እዩ ኮይኑ!" ንሰበይቱ ሓቲተያ።

"እዞም ኣኽላባት ናይ'ዚ ግዛውቲ 'ውሕ ውሕ' እናበሉ ክነኽሱኒ ሓሲቦም" ኢሉ ሓሪቑ ክዝርጥም ዝኸይድ ዘሎ" ኢላትኒ።

ልክዕ እዩ፡ ፋሉላትን ሓደኛታትን ኣኽላባት ክዘክሱኻ ወይ 'ውሕ ውሕ' እናበሉ ስግኣት ክፈጥሩልካ ግቡእ ኣይኮነን። ግን ከኣስ ንስኻኸ ምስ ኣኽላባት እንተ ተባኢስካ የመልክዓልካ ደዩ?" ዋላ ናይ መልክዕን ናይ ዘይመልክዕን እሞ ንግደፎ፡ ሓደ ክነእሰካ ምስ ሓፅማ ዝኾነ ዕሰለ ኣኽላባት ክትብኣስ ከ የማእኣካ ደዩ?

ከም'ዚታት ኪጋጥም ይኽእል እንደዩ፡ ንሕና ግን ካብ ደረጃ ክብሪ ንቕሓትና ከይወረድና ኢና ብጥቡብ ካብቲ ጸገም ክንናገፍ ክንፍትን ዘለና እመስለኒ። ደሓር ድማ እንተስ ኣሕሪቑኒ ኢልና፡ ኣብ ባይታኡ ወሪድና ምስ እንስሳ እንተ ተሃላሊኽና ንመን'ዩ ዝኸፍኦ?

ሰብነት ክለና ምስ ድሙ፡ ሰብነት ክለና ምስ ከልቢ፡ ሰብነት ክለና ምስ ደርሆ፡ ሰብነት ክለና፡ ምስ ፈረስ ምስ ኣድግዘቕሊ፡ "እንተ ዘይተባኣስኩ!' እንድሕር ኢልና፡ ከም ናይ ከልቢ ዝምብርትዑ ኣሰናን ካበይ ነምጽእ? ከም ናይ ብዕራይ ኣወንግኡ፡ ከም ናይ ፈረስ ከም ናይ ኣድግዘቕሊ ኣሸናድኣ ከመይ ገይርና ንኽእሎ? ብኣጻፋር ደማሙ ዝተቐዳደደ ገጽና መን ይሰፍየልና? ብደማሙ ኣብ ማእቲ ደዩ ኣብ ሽሕ ዝተመታተረ ገጽና ከመይ ከመይ ገይርና ንሊግጎ?

ኣኽርዮምና፡ ኣሕሪቖምና፡ ኣሰንቢዶምና ዋላ'ውን ነኺሶምና - ዝብዝርሞም፡ ነኽላባት ፈቐዶ ጉልጉልን ኣንገሎታትን፡ ንኣናጹ ፈቐዶ ጉዳጉድን ነቓዓትን፡ ንደማሙ ፈቐዶ ዚንገን መናድቕን. . . ክንደልዮም ሳዕልን ታሕትን እንተበልና ከኣ፡ ንሕና ደኣ ህልኽና ኣውጻና እምበር፡ ንሳቶምስ ዝርድኦልና ኣይኮኑን። "ከም'ዚ ስለ ዝበሃልናዮ እዩ ዘኼዶና ዘሎ እሞ፡ ብድሕሪ'ዛ ሕጂ ንሱ ዝጸልእ ስራሕ ኣይንሰርሕ" ኢሎም ካብ ጌጋኦም ኣይመሃሩ ወይ ብመቕጻዕትና ኣይስከሉ።

ከላትና ከም እንርደኦ ሰብነት ብዚይካ ምስ እንስሳታት፡ ብዕድሜ፡ ብጉልበት፡ ብተመክሮ፡ ብፍልጠት ይኹን ብደረጃ መንብሮ፡ ካብኣቶም ትሕቲ ምስ ዝበሉ ካልኦት ሰብነት ይገራጨዉ እዮም። ሓለፍቲ ስራሖም ወይ ቤተሰቦም ደዩ ዕርክታዊ ቅርበት ኣራኺብዎም።

ሰብነት ሓለፍቲ ስራሕ ኮይኖም ኣብ ስራሕ ጉድለት እንተረኺቦም ንኣብነት፡ ገሊኦም ነቲ ኣጉዳሊ ዝበልዎ ሰብ - ናብ ቤት-ጽሕፈቶም ደጺውዖም ንኸረድኡዎ። ገሊኦም ጸዊዖም ይቐጽዑ - ንኽእርሙ። ካልእ ግዜ ከምኡ ዝኣማሰለ ጌጋታት ንኸየጥፍኡ። ገሊኦም ጸዊዖም ይገንሑ - ነኽሰልጥኑ ንኽምልምሉ። ገሊኦም ድማ ንኽፈራርሑ ወይ ንኽስከሉ። ገለ እውን ይምዕዱ ይመኽሩ - ንኽምህሩ፡ ኣመለኻኽታን ኣረኣእያን ንኽቕይሩ። ገሊኦም ግን ብኣንጻሩ ንኽደህሉ፡ ንኸደንቁሩ ወይ ጉድለት ጸብጺቦም ንኽብርሩ።

ልክዕ እዩ ይትረፍ እቶም ከም በዓል ኣንጭዋ፡ ከልቢ ወይ ድሙ ዝኣማሰሉ እንስሳታት፡ ዋላ እቶም ብዘይ ብኡኣቶም ፈጺሙ ዘይንነብረና - ከም በዓል ብዕራይ፡ ኣድግዘቕልን ፈረስን እውን ሓርቖም የሕርቑና እዮም ሓደ ሓደ ግዜ። ዓቕልና ኣጸንቅቕ የብሉና። ንሳቶም ቁሩብ እንተ ሓረቑስ እኳ፡ ነገር እቲ ብዘይ ዕረፍቲ ከገልግሉና ምድላዮና ክኸውን ይኽእል እዩ። ንሕና ብኡኣቶም ክንሓርቕ እንከለና ግን፡ ከም'ቲ ብኣንጭዋ እንተ ሓረቕካ ክንዲ ናይ ኣንጭዋ እዩ ዓቕምኻ፡ ብኣንበሳ እንተ ሓረቕካ ከኣ ከም ናይ ኣንበሳ እዩ ዓቕምኻ!" ዝበሃል፡ ብእንስሳታት እንተ ሓረቕና፡ እቲ ክብሩ ዓቕምና ኣትሒትና ንምርኣይና ጥራይ ዘጉህደልና እመስለኒ።

ሰብነት ምኳንና ዘኪርና፡ ነቲ ጸገም ብናይ ሰብ ኣተሓሳስባ ክንኣልዮ እንተ ፈቲንና ግን፡ ጉልበትና ዘይተኣስ ርእሰና ተጠቒምና ኢና እሞ፡ ነቶም ናይ ኣጻፋርን ኣሰናንን ናይ ኣቕርንትን ኣእጋርን ሓያላት፡ ብርእስና ተቖጻጺርና፡ ካብኣቶም እንረኽቦ ረብሓ ንቕጽሎ።

"ምስ ሕማቕ ሰብ፡ ናይ ሕማቓት ጸወታ እንተ ተጻዊትካ፡ መጀመርታ ኣብ ደረጃኡ የውርደካ እሞ፡ ደሓር ብቐለሉ ይስዕረካ" ዝበሃል ኣዘራርባ ምሽ ኣሎ ሓቀይ። ንኣብነት፡ ኣብ ስራሕ ጉድለት እንተ ተፈጺሙ - ኣለዉ ገሊኦም ሓለፍቲ ከም'ዚ ምቕሉል ኢሎም ናብ ቤት-ጽሕፈቶም ደጽውዑኻ፡ ዕብየት ናይ ሓላፍነቶም ዘይተኣሰ ክብደት ናይ ጉድለትካ ንኸርእዩኻ፡ ዝፈጸምካዮ ናይ ስራሕ ጌጋ ኣብ'ቲ ስራሕ ዘለዎ ሃሰያ ከም እትግንዘቦ ንኽገብሩ።

ገሊኦም ኻሕቲ ከኣ ኣለዉ፣ ከም'ዚ፡ "ደሓን ንጻኻስ ከርእየካ እየ!" ብዝዋዕዩ ሓይሊ-ቃል ወሲኾም ደጽውዑኻ፡ ጉድለት ናይ'ቲ ጌጋኻን ክብደቱን ከም ዝረኣየካ ገይሮም እቲ ጉድለት ንኽእረም ዘይተኣሰ ጥራይ ልዕልና ሓላፍነቶም ንኸርእዩኻ። ኣብ'ቲ "ብራኺ ሓላፍነትና ከርእየልና ይኽእል እዩ" ኢሎም ዝሓሰብዎ ቤት-ጽሕፈቶም የደይቡኻ። ልብኻ 'ሰለውለው!' ኣእምሮኻ 'ሽለውለው!' ኢሉካ ደው ምባል ክትስእን እሞ፡ ካብ ሳዕሊ ሽለው ኣቢሎም ፈጠቕ ንኽብሉኻ።

ገሊኦም ድማ ይገንሑኻ፡ ንኸሉ ካብ በረኽ ቦታ ንኽትርእየ፣ ንኸሉ ካብ በረኽ ኣጠማምታ ንኽትጥምቶ፣ ይገንሑኻ ንኸሉ ካብ በረኽ ኣተሓሳስባ ንኽትሓስቦ። ኣዘዋርካ ንኽትርኢ። ንእሽቶ ጉዳፍካ ዓቢ፡ ታሕቲ ጉዳፍካ ላዕሊ፡ ኣብ ሕማቕ ጉዳፍካ ኣብ ጸቡቕ፡ ኣብ ጭሒ ጉዳፍካ ኣብ ፍቕሪ ንኽተተኩር።

ዓይነታት መግናሕቲ - ገለን ንታህዲድ ንትምክሕቲ፣ ገለን ብፍቕሪ ንምዕራይ ንትምህርቲ፣ ገለን. . .።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ

ዞርያስ ኣስመላሽ ኣስገዶም ምግል ተሪፉ፣ ዞርያስ በየነ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብደልሓሚድ ዓብዱ እድሪስ ምግል ተሪፉ፣ ዓብደልሓሚድ ሓሰን በሊይ ተላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰላም ተሾመ ገብረክርስቶስ ምግል ተሪፉ፣ ሰላም ተሾም ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቢንቢና

ወ/ሮ ኣልማዝ ኣረጋይ ፍስሃ፣ በዓል-ቤተይ ተስፋጼን ዑቕባሚካኤል ተፈሪ ስለዝተሰወኣ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊ ይተሓለወለይ፣ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባ/ - ሻምብቆ

ኪዳነ ማና ተስፋይ ምግል ተሪፉ፣ የኤል ማና ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ 03 ከረን

ወ/ሮ ለተመስቀል ብደሆ ባህዱር፣ በዓል-ቤተይ ሰሎፍ እድሪስ ሰሎፍ ስለዝዓረፈ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ምም/01 ኣብ ዝርከብ ናይ 09/05/2000 ብመለለዪ ቁ.ንብረት 54029/89538 ብስም ወ/ሮ ዘውዲ ኪዳነ ገብረእግዚኣብሄርን ኣቶ ተስፋይ መሓሪ ዓንደንደገርግሽን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብዕለት 17/08/2001 ብዝተፈጸመ ውዕል መሸጣ፡ ብስም ማሕበር ቅዱስ ሚካኤል ዓዲ ጉበራይ ተቐማጦ ኣስመራ ዝዓደግናዮ ስለዝኾነ፡ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሰልጣኑ ናብ ዝተፈቐዶ ቤት ፍርዲ መቃወምያኡ ናብ ክፍሊ ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስትራልን ከቕርብ ንሕብር። እዚ ከይገብሩ ምስ ዝተርፍ ግን ስም ዋንነት ናይዚ ንብረት ናብ ስምና ክመሓላለፈልና ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ማሕበር ቅዱስ ሚካኤል ዓዲ ጉበራይ ተቐማጦ ኣስመራ

## ኣርማና


### ሓዳስ ናይ ቋንቋ ትግርኛ መጽሓፍ

ሓጋዚት መጽሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ንተማሃሮ 6-7

እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ንመጻሕፍቲ ቋንቋ ትግርኛ 6ይ - 7ይ መሰረት ዝገበረት ኮይና፥ ንሰዋሰው ስርዓተ ነጥብን ማእከል ገይራ ዝተዳለወት መጽሓፍ እያ።
ንመማህራን፡ ንተማሃሮ፡ ወለዲ ከም ተወሳኺ መወከሲት ክትከውን ተባሂላ ተዳልያ ስለዘላ ዓዲግና ንጠቀመላ።

## ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ

ኣብ ኩለን ናይ ጽሕፈት መሳርሒ መሸጢ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።
ጸሓፊ፦ መም. ኣስመሮም ገብረማርያም
ሚ/ት/ ኣስመራ
ቴሌ፡ 07148665 ፡ 07570771 ፡ 07755029
ኣድራሻ፡ ቴሌፎን 07148665, 07570771,07755029




| Zara Mining Share Company | **Vacancy Announcement** |
|---|---|
| **Position:** | **Mechanic** |
| **No required** | **4** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Department** | Mining |
| **Reporting to:** | Mine Maintenance Supervisor |
| **Job purpose** | - To diagnose and complete repairs on all Company heavy & Light (Excavators, Graders, Loaders, Dozers, Dump Trucks, Rollers, and Light Vehicles, etc.) |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | - Repairs, overhauls, maintains, and services diesel-powered vehicles, heavy trucks, and heavy equipment<br>- Diagnoses equipment problems and determines repair needed<br>- Order, material/parts required to complete repairs and write maintenance report<br>- Performs daily safety and maintenance checks and daily housekeeping work<br>- Assist with other duties as and when required and requested by the Supervisor or colleague |
| **Knowledge & Skills Required:** | - 12th Grade complete.<br>- Heavy duty Mechanic Certification<br>- Must have a valid driver's license in 3rd grade and above |
| **Work Experience** | - Minimum 3 years as HD<br>- Mine experience as an asset |
| **Other skills & abilities** | - Will to learn and take direction<br>- Ability to communicate well with co-workers<br>- Ability to work under pressure in some situations.<br>- Abel to meet all satisfy requirements & applicable safety policies.<br>- Work Over-Time as required<br>- Troubleshoot and inspect equipment to detect faults and malfunctions<br>- Adjust equipment and repair or replace defective parts<br>- Ability to read and write to keep daily records including maintenance reports and documentation. |
| **Unique requirements** | - To be able to pass a full Doctor's physical examination.<br>- To be able to work with ZMSC's roster. |

Salary: - According to Company's salary scale.
Place of work: - Zara Mining Share Company Koka Gold Mine
Zoba - Gash Braka
Sub - Zoba Salea
Requirement for nationals: - Having fulfilled his/her National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to applicants.
Address: Please mail your applications to Zara Mining Share Company. **P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.**
Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to **Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.**
Deadline for application:…….. **7 days from the day announced in the Newspaper**.

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኸለ

## ኣርመንያን ኣዘርባጃንን ብጉዳይ ናጎርኖ ካራባኽ ይገራጨዋ

ኣርመንያን ኣዘርባጃንን ብጉዳይ እቶም ኣብ ዞባ ናጎርኖ-ካራባኽ ሰብኣዊ ቅልውላው ኣጋጢምዎም ከምዝርከብ ዝገለጹ 120 ሽሕ ሰባት ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝተኻየደ ህጹጽ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ስምምዕ ክበጽሓ ከምዘይከኣላ ተገሊጹ።

ኣብቲ ብጠለብ መንግስቲ ኣርመንያ ዝተኻየደ ኣኼቤ፡ ኣዘርባጃን ነቲ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣትሒዛ ዝዓጸወቶ ናብ ኣርመንያ ዘራኽብ እንኮ መንገዲ ‘ላቺን’፡ ክትከፍቶ ሕቶታት ቀሪቡላ።

ኣዘርባጃን ብሰንኪ ዘወሰደቶ ናይ ምዕጋት ስጉምቲ፡ ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ኣሽሓት ሰባት ንሕጽረት መግቢ፡ መድሃኒትን ኤሌክትሪክን ተቓሊዖም ከምዘለዉ፡ ኣርመንያ ከሲሳ።

ኣብቲ ኣኼቤ፡ ኣዘርባጃን ነቲ መንገዲ ብቕልጡፍ ክትከፍቶ ዝተማሕጸና 15 ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታ፡ ኣርመንያን ኣዘርባጃንን ንኣስታት 30 ዓመታት ዝጸንሐን ግጭት ዲፕሎማስያዊ ፍታሕ ክናድያሉ ጸዊዐን።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣምባሳደር ኣዘርባጃን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ያሻር ኣሊየቭ፡ እቲ ብኣርመንያ ዝቐረበ ክሲታት ‘መሰረት ዘይብሉ ጠቐነ’ ክብል ነጺግዎ ኣሎ።

ንሱ ወሲኹ፡ “ኣርመንያ ንልኡላውነት ኣዘርባጃን ብምጥሓስ ኣብ ተኸታታሉን ዘይሓላፍነታውን ፖለቲካዊ ወፍሪ ተጸሚዳ ኣላ” ክብል’ዩ ገሊጹ።

ኣዘርባጃን፡ ልኡላውነታ ንምሕላውን ዝይሕጋዊ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ኣርመንያ ንምዕጋትን ኣብቲ ማዕመር መፈተሺ ነቑጣ ከምዝተኸለት ዝገለጸ ኣምባሳደር ኣሊየቭ፡ ኣብቲ ዞባ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝኣረዱ 10 ሽሕ ወተሃደራት ኣርመንያ ከምዘለዉ ኣረዲኡ።

ኣርመንያን ኣዘርባጃንን ብሰንኪ ምስሕሓብ ዶብ ኣብ 2020 ናብ ውግእ ኣምሪሐን ከምዝነበራ ዝዝከር ኮይኑ፡ ኣብ ክልቲኡ ወገን ህይወት ኣስታት 8 ሽሕ ወተሃደራት ከምዝጠፍአ ጸብጻባት የመልክቱ።



## ቻይናን ህንድን ሰላም ንምስፋን ክሰርሓ ተሰማሚዐን

ቻይናን ህንድን ኣብ ኣከራኻሪ ዶብ ክልቲአን ሃገራት ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ብሓባር ክሰርሓ ከምእተሰማምዓ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ ኣብቲ ክልቲአን ሃገራት ብ14ን 15ን ነሓሰ ዘካየደኦ መበል 19 ርክብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ምኽንያት ተሓቢሩ።

ሚኒስትሪታት ምክልኻል ክልቲአን ሃገራት ኣብ ዘውጸእኦ መግለጺታት፡ እቲ ርክብ፡ ምስ ዘሰሓሕበን ዶባት ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ንምፍታሕ እወታውን ሃናጽን ወጽኢት ከምእተረኸቦ ብምጥቃስ፡ ተወሳኺ ርክብ ብምክያድ ንምሕያሉ ኣብ ምርድዳእ ከምእተበጽሐ ገሊጸን።

ቻይናን ህንድን ልዕሊ 3,500 ኪሎሜተር ዝነውሓቱ ብጦብኦ ዘይተመልከተ ኣከራኻሪ ዶብ ከምዘለወን’ዩ ዝግለጽ።

ክልቲአን ሃገራት ኣብ 1962፡ 1967 ከምኡ’ውን ኣብ 1975 ብጉዳይ ዶብ ኲናት ከምዝገጠማ፡ ሃቢት’ውን ብዘይካ ስምምዕ ምቍራጽ ተዃብኣታት፡ ዝበጽሐኦ ወግዓዊ ስምምዕ ከምዘየለን ይፍለጥ።



## ኣፍጋኒስታን - እገዳ ኣመሪካ ክለዓል ዝጽውዕ ሰልፊ ተኻየዱ

ኣብ ኣፍጋኒስታን - ከተማ ካቡል፡ ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ’ታ ሃገር ኣጽኒዓቶ ዘላ በይናዊ እገዳ ክተልዕሎ ዝጽውዕ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ተኻየዱ። ኣብቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝተኻየደ ሰልፊ ብኣሽሓት ዝቆጸሩ ሰባት ተሳቲፎም።



ህዝቢ ኣፍጋኒስታን ነዚ ጻውዒት ዘቕረበ፡ መበል ካልኣይ ዓመት ምውጻእ ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ሃገሩ ኣብ ዘጸምበለሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኣመሪካ፡ ካብ ኣፍጋኒስታን ብጣሊባን ተደፊኣ ድሕሪ ምውጻኣ፡ ኣብ ዳግመ ሕውየት ኣፍጋኒስታን ክውዕል ዝኽእል ኣስታት 9 ቢልዮን ዶላር ናይታ ሃገር ኣደስኪላቶ ምህላዋ ይፍለጥ።

ኣብዚ እዋን’ዚ ኣስታት ፍርቂ ካብ ህዝቢ ኣፍጋኒስታን ሓደጋ ጥምየት ኣንጸላልይዎ እናሃለወ፡ ኣመሪካ ነቲ ገንዘብ ክትለቆ ዘይምኽኣላ፡ ካብ ሓያሎ ወገናት ተቓውሞ ክገጥማ ጸኒሑ እዩ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ንኣፍጋኒስታን ንምድጋፍ ካብ ዝተኣትወ ኣህጉራዊ መብጽዓታት፡ እቲ 95 ሚእታዊት ከምዘይተተግበረ ጸብጻባት የጽንዑ።

ኣመሪካ፡ ካብ 2001 ክሳብ መፋርቕ 2021 ኣብ ኣፍጋኒስታን ዘካየደቶ ወተሃደራዊ ወፍራ፡ ኪኖ ሰባዊ ክሳራታቱ፡ ኣብ ቀጠባ’ታ ኤስያዊት ሃገር ብቐሊሉ ክሓዊ ዘይክእል በሰላ ከምዝገደፈ ተንተንቲ ይጠቕሱ።

## “ሰሜን ኮርያ፡ ሰግረ-ኣህጉራዊ ባለስቲካዊ ሚሳይል ክትውንጭፍ ትኽእል እያ” ደቡብ ኮርያ

ሰሜን ኮርያ፡ ነቲ ዝመጽእ ቀዳም፡ ኣመሪካ፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ክካይድኦ ወጢነን ዘለዋ ዋዕላ ተቓውሞኣ ንምግላጽ ሰግረ-ኣህጉራዊ ባለስቲክ ሚሳይል ክትውንጭፍ ከምእትኽእል ሓደ ደቡብ ኮርያዊ በዓል-ስልጣን ንስለያውያን ምንጭታት ብምጥቃስ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን፡ ካብ ሰሜን ኮርያ ክመጽእ ንዝኽእል ኑክለሰያዊ ስግኣትን ናይ ቻይና እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ኩሉ መደያዊ ምትእምማንን ንምግታእ ኣብ ዝጽዕረሉ ዘሎ እዋን፡ ምስ መራሕቲ ሃገራት ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ኣብ ኣመሪካ ርክብ ክካይድ ምኻኑ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ መንጎ ሰለስቲአን ሃገራት ዝግበር ዘሎ ምሕያል ወተሃደራዊ ምትሕብባር፡ ኣካል ናይቲ “ኤስያዊ ኔቶ” ንምቛም ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት ምኻኑ እያ ክትገልጽ ጸኒሓ።



ምስ ለበዳ ኮቪድ-19 ብዝተኣሳሰረ ዶባታ ዓጽያቶ ዝጸንሐት ሰሜን ኮርያ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዶባታ ክትከፍቶ ትዳሎ ምህላዋ እውን ትካል ስለያ ደቡብ ኮርያ ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚኒስተር ምክልኻል ሩስያ ሰርጌ ሾይጉ ምስ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም የንግ ኡን ኣብ ፒዮንግያንግ ተራኺቦ ወተሃደራዊ ሰልፊ ኣብ ዝተዓዘቡሉ እዋን፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ሰፊሕ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ክትግበር ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሐ ይዝከር።

ሰሜን ኮርያ፡ ካብ መጀመርታ 2022 ኣትሒዛ ኣስታት 100 ዝተፈላለየ ርሕቀት ዝውንጨፉ ሚሳይላት ብተዘባቢ ከምዝፈተነት ይሕበር።

## ፖላንድ፡ ወተሃደራዊ ወፍሪ ተዕቢ

ጸጥታዊ ኩነታት ምብራቕ ኤውሮጳ እናበኣሰ ኣብ ዝመጸሉ ዘሎ እዋን፡ ፖላንድ ኣብ ወተሃደራዊ ጽላት እትገብሮ ወፍሪ ከተዕብዮ ምኻና ኣፍሊጣ።

እታ ሃገር ነዚ ዝሓበረት፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘካየደቶን ካልኦት ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ’ውን ኣብ ዝተሳተፋኦን ወተሃደራዊ ምርኢት እዩ።

ኣብ’ዚ ዓመት’ዚ ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምድልዳል 34 ቢልዮን ዶላር ሰሊዓ ዘላ ፖላንድ፡ ደሮ ዝተራቐቐ ኣጽዋርን ነፈርቲ ኲናትን ትሸምት ከምዘላ ይፍለጥ።

ንዩክሬን ዝለዓለ ወተሃደራዊ ደገፍ ካብ ዝሃባ ኣባላት ኔቶ ሓንቲ ዝኾነት ፖላንድ፡ ምስ ቤላሩስ ኣብ ዘዳውባ ከባቢታት ጽዑቕ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት ተካይድ ከምዘላ ይሕበር።

እታ ሃገር፡ ኣብ’ቲ ከባቢ ንዘጸንሖ ቀጽሪ ሰራዊታ፡ ኣብ’ዚ ዓመት’ዚ ክብ ከምዝበለቶ፡ ብሰንኩ ድማ ምስ ቤላሩስን ሩስያን ዘጸንሓ ምትፍናን መሊሱ ከምዝበኣሰ፡ ምንጭታት’ቲ ከባቢ ይገልጹ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኔቶ ናብ ፖላንድ ዝልእኮ ሰራዊትን ኣጽዋርን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ከምዝወሰኸ፡ ጸብጻባት ኣረዲኦም።

ብመሰረት ሓበሬታ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ፡ ምስ ሃገሩ ኣብ ዘዳውብ ከባቢታት ምብራቕ ኤውሮጳ ዝተዋፈረ ቀጽሪ ሰራዊት ‘ኔቶ’፡ ብዕጽፊታት ዛዩዱ ከምዘሎ ተፈሊጡ።

እቲ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት፡ ሩስያ ልኡላውነታ ንምውሓስ ወተሃደራዊ ዓቕማን ምድላዋታን ከተሐይል ዘገድድ ምኻኑ፡ እቲ ሚኒስትሪ ገሊጹ።

ኔቶ ዘካይዶ ዘሎ ምስፍሕፋሕ፡ ጠንቂ ናይ’ቲ ኣብ ዞባ ምብራቕ ኤውሮጳ ዝኸሰት ዘሎ ጸጥታውን ወተሃደራውን ቅልውላዋት ይኸውን ከምዘሎ ሩስያ ትገልጽ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 18-08-2023 | ጎደና እምበረሚ 755፡ ከባቢ ሚ/ሪ ሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565